# ክንክን መቕርብን ሕማም ረሲዕን

**ሓበሬታ ካብ ሽወደናዊ ማእከል ረሲዕ**



## ኣበርክቶ መቕርብ ኣገዳስነቱ ወሰን የብሉን

ሎሚ ኣብ ሽወደን ኣስታት 150 000 ሰባት ሕማም ረሲዕ ኣለዎም። ብመጠን ምውሳኽ ብዝሒ ዝኣርጉ ዘለው ሰባት፡ እቲ ብዝሒ ድማ ይውስኽ። ኣብቲ ሓልዮትን ክንክንን ዝሳተፉ ዝተፈላለየ ሞያ ዘለዎም እኳ እንተኾኑ፡ ብዘይ ኣበርክቶ መቕርብን ፈተውትን ግን ክሰርሕ ኣይምኽኣለን።

## ምትሕብባር ኣብ መዓልትታት ስራሕ

ሕማም ረሲዕ ቀስ እናበለ ዝስዕርር ምጥፋእ ዝኽሪ፡ ቋንቋ፡ ምርዳእ ግዜ፡ ከምኡ'ውን ምጥፋእ ካልኦት ኣገደስቲ ተኽእሎታት እዩ። ቅኑዕ ሓገዝ ዝረኸበ ሰብ፡ ኣብ ምጅማር እቲ ተርእዮ፡ ነቲ ዕለታዊ ናብራኡ ደሓን ጌሩ ክነብሮ ይኽእል እዩ። እቶም መቕርብ ብፈተነ፡ "ኣቐዲምካ ስጉምቲ ምውሳድ" ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ብምሕጋዝ፡ ት ኢሰብ ከቃልሉሉ ይኽእሉ እዮም።
እቲ ሕማም ንዘስዕቦ ጸገማት ክትክእ ዝኽእል መሳርሒ ሓገዝ'ውን ኣሎ።

## ብቑዕ ኣይኰንኩን ዝብል ስምዒት ክስምዓኩም ንቡር እዩ

ጽንሕ ኢሉ ኩነታት ክንክን እቲ መቕርብ ምሒር ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ሱታፌ ዝጠልብ ይኸውን። እቲ ህላወ ኣብ ሓደ እዋን ከም ትርጉም ዘለዎን ከም ፈታኒ ኩነትን ኰይኑ ይግለጽ። ሓያሎ መቕርብ ሸቐልቀል ዘብል ስምዒት፡ ብቑዓት ከምዘይኰኑን ተጽዕኖን ይስምዖም። ስእነት ድቃስ ዝውቱር ተርእዮ ይኸውን። ርክብ ምስ ቤተ ሰብን ኣዕሩኽን ኣቐንዛዊ ይኸውን።

## ጥዕናኹም ኣይትረስዑ!

መጽናዕትታት ከምዘመልክትዎ፡ ጥዕና እቶም መቕርብ'ውን መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ህላወ ተኽእሎ ሓደጋ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ፡ ናይቲ ሕሙም ጥራይ ዘይኰነስ ናይ ባዕልኹም ጥዕና'ውን ምሕሳብ ኣገዳሲ ዝኸውን። ደገፍ ክትቅበሉሉ እትኽእሉሉ ኣሎ፡ ከም መጠን መቕርብ ድማ ናበይ ክትከዱ ከምዘለኩም ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ።

## ዝተፈላለዩ ዓይነታት ደገፍ

ሕማም ረሲዕ ንዘለዎም ዝሕግዝ ሰብ፡ እተን ምምሕዳራት ኮሙን ደገፍ ክህባ ከምዘለወን ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ይእዝዝ። እቲ ነቲ ሕሙም ዝፍቀደሉ፡ ምርካብ ፍቓድ ዘቤታዊ ኣገልግሎትን ካልእን፡ ነቲ መቕርብ ሓገዝ ኰይኑ ክቐርብ ይኽእል እዩ። እቲ ዝግበር ኣበርክቶታት ኣብ ዝተፈላለያ ኮሙናት ይፈላለ እዩ። ገለ ካብቶም ዝውቱራት ዝኾኑ፡ ንመርኣያ እንሆ:

- ዕለታዊ ቦታ ስራሕ
- ዘቤታዊ ኣገልግሎትን ኣብ ቤት ዝግበር ፍታሕን
- ኣገልግሎት ምኽርን ትምህርትን
- ናይ ሓጺር እዋን መንበሪ
- ጉጅለታት ዝርርብ
- ተክኒካዊ መሳርሒ ሓገዝ
- ንመቕርብ ዝኸውን መራኸቢ ነቑጣ



ኣብ ምምሕዳርኩም እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዝርከብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምካብ፡– ኣማኸርቲ መቕርብ፡ ወሰንቲ ተሓዝቲ ጉዳይ ወይ ከኣ ናይ ከባቢ ነርስ ርኸቡ ኢኹም።

## ንበይንኹም ኣይኰንኩምን

ብዙሓት መቕርብ እቶም ሕማም ረሲዕ ዘለዎም ሰባት ካብ ጥርናፈ ማሕበር ሕማም ረሲዕ፡ ኣልዘሀይመርስ ይደልዩ እዮም። ሃገራዉ ጥርናፈ ሕማም ረሲዕ ኣብ ሽወደን። በቲ ናቶም ዘባዊ ማሕበራት ሓገዝን ደገፍን ክትረኽቡ ፡ ምስ ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለው ሰባት'ውን ተሞኩሮ ክትለዋወጡ ትኽእሉ። ኣስተምህሮታት፡ ክበብ መጽናዕቲ፡ ምዝዋር ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ይሰርዑ እዮም።

*ጥርናፈ ሕማም ረሲዕ:*
ቴለፎን: 08 658 99 20 • www.demensforbundet.se

*ኣልዘሀይመር ሽወደን:*
ቴለፎን: 046 14 73 18 • www.alzheimersverige.se

*ሃገራዊ ጥርናፈ መቕርብ:*
ቴለፎን: 010 155 70 60 • www.anhorigasriksforbund.se

17 ታሕሳስ 2018 • ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ©

ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለዉ ሓበሬታታት፡ ካብ መርበብ ሓቲም ኩም ንምውጻእ፡ መርበብ ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ተጠቐሙ:
www.demenscentrum.se/Faktablad

Svenskt Demenscentrum
ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ: Sveavägen 155, 113 46 Stockholm, 08 - 690 58 00, info@demenscentrum.se
www.demenscentrum.se